## ብመደብ ዝተሃርመ ክብርን ዕቤት መማህራን ኤርትራ ብፕሮፖጋንዳ ኣይሓውን።

ኩለንተናዊ ዕቤት ሓንቲ ሃገር ኣብ ዜጋታት ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ካብ ምርግጋጽ ወጻኢ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ዜጋታት ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብሉ ከኣ ካብ ቅኑዕ ስርዓት ትምህርቲ፣ ግቡእ ክብሪ ንሞያ መምህርና ምሃብን፡ ንመምህር ዓቕሚ ሃገር ብዘፍቅዶ ደረጃ ፍልጠቱ፡ ጻዕሩን ኣፍራይነቱን ኣብ ግምት ዘእተወ ገንዘባዊ ክፍሊትን ካልእ መተባብዕን ምግባር የድሊ። ብሞያያውያን ተጸኒዑ፡ ንሓፈሻዊ ማሕበራዊ ህይወት ህዝቢ እታ ሃገር ኣብ ጸብጻብ ኣእትዩ ዘይተቐርጸ ስርዓት ትምህርቲ፣ መምህር ብሞያኡ ከይሕበን ከይኸብር፡ ሕልናዊ ዕግበት ከይፈጥር፡ ከም ዝኾነ ሰብ ንኽነብር ዘኽእሎ ዋጋ ድኻሙ ገንዘባውን ንገራውን ረብሓ ከይረክብ ዝነፈገ ፍጹም ዓይኒ መርፍኡ ዝጠፍአ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ህዝባዊ ማሕበራዊ ዕቤትን ዝኾነ ፖለቲካዊ ምሕደራ ልዕልነት ኣብ ዝሓዘሉ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ግን፡ ዓይነተ ብዙሕ መንገዲ ውድቀት ደኣምበር፡ ሞያውን ሃገራውን ዕቤት ክሕሰብ ኣይከኣልን።

ከም ኩሉ ዓውድታት ስራሕ፡ ሞያ መምህርና፡ መምህር መጀመርያ ቀሲኑ ተረጋጊኡ ክሓሳብ፡ ፍልጠቱ ክካፍል፡ ሓላፍነታውን ኣፍራይን ዜጋ ክሃንጽ፣ ወለዲ ረብሓ ትምህርቲ ተገንዚቦም፡ ህጻናት ደቆም ናብ ትምህርቲ ዝኣትውሉ ዕድመ ምስ ኣኸለ ዘድልዮም ነገራት ኣማሊኦም፡ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክቕርብዎም፣ ህጻናት ብወገኖም ምኽሪ ወለዶም ሰሚዖም ካብ መማህራኖም ዝወሃቦም ትምህርቲ ብግቡእ ክከታተሉን ደረጃ ብደረጃ ኣፍልጠኦም ከስፍሑን ከዕብዩን ዘተባብዕ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ባይታ ክንጸፍ ኣለዎ። ካብ ዘሸቑርር ነገር ነጻን ሓራን ክኾኑ ኣለዎም። ሃገር ከደን ሰላም ክህሉ ይግባእ። መሰሎም ዘኽብርሉ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ትካላዊ ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓን ክህሉ የድሊ። ኣብ'ታ ሃገር ዝግበር ንጥፈታት ኩሉ ኣብ ትሕቲ ገዛኢ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም (ሕገ-መንግስቲ) ዝመሓደር፡ ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ብማዕረ ዝረኣይሉን ዝዳነይሉን፣ ካብ ኣነ ዝበልኩ'ኻ ግበር ኢ-ደ-ወነናዊ ተጽዕኖን ኣድላዊ ምሕደራን ዝደሓነ ኩሉ ናተይ ዝብሎን ዝምእዘዘሉ ኩነታት ክህሉ ይግባእ።

ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፣ ዘተኣማምን ሃገራዊ ሰላም፣ ደረጃ ብደረጃ ዝምዕብል ስርዓተ ደሞክራስያዊ ምሕደራ፣ ብሞያተኛታት ዝምራሕ ቅኑዕ ስርዓት ትምህርቲ፣ ግቡእ ክብሪ ንሞያ መምህርና፡ ብመጠን ደረጃ ቁጠባዊ ሃገራዊ ዕቤት ዘፍቅዶ ዝግባእ ክፍሊት ንመምህር፣ ንምምሃርን ምምርማርን ዝኸውን ጥጡሕ ባይታ ኣብ ዘይብሉ፡ ኲናት ወረ ኲናት ሻቕሎት ከቢድ ጽልዋ ኣብ ዘሕደረሉ መድረኽ፡ ዜጋታት ሳላ መንግስቲ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝገበሮ ገዚፍ ወፍሪ ብኣካልን ብስነ-ኣእምሮን ተኾስኲሶም ይዓብዩ ኣለው። መማህራን ደረጃ ፍልጠቶም መታን ክብ ከብሉ ድሕሪ ምዕጻው ዓመታዊ ትምህርቲ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ኣድላዪ ስልጠና ይወስዱ ኣለው። ኣብ ኤርትራ ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ንተመሃሮ ዝወሃብ ትምህርቲ ኮነ፡ ንመማህራን ዝወሃብ ስልጠና ዝኾነ ገንዘባዊ ክፍሊት ዘይብሉ ብነጻ'ዩ። እዚ ኣብ ካልእ ዓለም ዘየለ ኣብ ኤርትራን ብመንግስቲ ኤርትራን ጥራሕ ዝግበር ዘሎ ካብ ሓልዮትን ሓላፍነታዊ ስምዒትን ዝነቅል ፖሊሲ'ዩ እናበልካ ዝግበር ጎስጓሳት 'ምበኣር ፍጹም ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ተራን ፈኲስን መንግስታዊ ፕሮፖጋንዳ'ዩ።

ሓበርቲ መርድእን መቀናጀውቲ ስርዓተ ምልክን መራኸቢታት ህግደፍ ኣብ ዕለት 8 ነሓሰ 2017 ሞያዊ ዓቕሚ መማህራን ንምድላብ ስልጠና ይወሃብ ኣሎ። እቲ ስልጠና ብነጻ'ዩ። ኩሉ ወጻኢታት መንግስቲ'ዩ ዝሸፍኖ። ንስልጠንቲ ዝግበር ወጻኢታት ብገንዘብ ክትመን እንከሎ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። እቲ ሞያዊ ስልጠና ከኣ ንቶም ዝስልጥኑ ዘለው መማህራን ንገዛ ርእሶም፡ ብዓቢኡ ከኣ ንሃገር ኣዝዩ ኣገዳስን ኣብ ኣገዳሲ ወቕቲ ድማ ዝወሃብ ዘሎን'ዩ። ኣብ ቀጻሊ ካብ ሰርቲ ፊኬት ናብ ዲፕሎማ፡ ካብ ዲፕሎማ ናብ ዲግሪ ዝዓብይሉ ኩነታት ክህሉ'ዩ። ዓቕሚ መማህራን ምዕባይ ሃገር ምዕባይ ምዃኑ ዝተረደአ መንግስቲ ኤርትራ ከኣ ብመደብ ሒዝዎ ኣሎ ዝብል በቲ ልሙድ ዝተመርጸ ቃላትን ናይ ተዋስኦ ገጸ ባህሪ ዝተላበሰ ኣቀራርባን መን ከም መንግስትና ክብላ ተሰሚዐን።

ነፍሕታት፡ ሓበርቲ መርድእን መቀናጀውቲ ምልኪን ውጹእ ሓሶት ም'ዃኑ ንምርዳእ ግን፡ መሰ'ሻኽር ምሕታት፡ ማዕከናት ዜና ምክትታል፡ ጋዜጣን መጽሔታት ምንባብ ዝጠልብ ኣይኮነን። ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ እንታይ ይመስል ኣብ ዘለ'ኻዮ ክፎ ኢልካ ምግምጋም ጥራሕ እ'ኹል'ዩ። ም'ኽንያቱ፡ ሃገራዊ ሰላም የለን። ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓተ ምሕደራ የለን። ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ የለን። ቅኑዕ ስርዓተ ትምህርቲ የለን። ንሞያ መምህርና ክወሃብ ዝግባእ ክብሪ የለን። ንመምህር ዋጋ ጻዕሩ ዝወሃብ ትርጉም ዘለዎ ደሞዝ የለን። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ኩሉ ብኩራት፡ ኣብ ሞያ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተዋፈሩ ዜጋታት፡ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ክንሶም ዘድልዮም ወጻኢታት ብስድራ ቤቶም እናተሓገዙ፡ ወይ ካብ ስራሕ ምስ ተፈደሱ ኣብ ዝተፈላለየ ጉልበታዊ ዕዮ እናተዋፈሩ ለውጢ ክመጽኣሎም ንነዊሕ ግዜ ኣብ ሞያኦም ጸኒዖም ቀጺሎም። ግዜ ምስ ነውሐ መነባብሮ ናህሩ እናወሰ'ኸ ምስ መጸን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ምስ ኮነን ከኣ፡ ዘፍቅርዎ ሞያ፣ ስድራ ቤቶምን ሃገሮም ራሕሪሖም ከም ዝ'ኾነ ሰብ ብዝረ'ኸበ ይርከበኒ ናብ ስደት ዝውሕዝሉ ዘለው ወ'ቕቲ ንርኢ ኣለና። ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ብሰንኪ ስእነት መማህራን ዝተዓጸዋሉ ናይ ተማሂረ ፍልጠት ደሊብ ርእሰ ክ'ኽእል ኣተሓሳስባ ዝሞተሉ፡ ካብ ጸረ-ህዝቢ ምሕደራ ጉጅለ ህግደፍ ንምንጋፍ ስደትን ናይ ስደት ስነ-ኣእምሮን ከም እንኮ ኣማራጺ ናይ ቀጻልነት ህይወት ዝተወሰደሉ ኣሰካፊ መድረ'ኽ ኢና ንርከብ ዘለና። ንመማህራን ዝወሃብ ደሞዝ፡ ኣይኮነን ናብራ ገይሮም ህይወቶም ክመርሑለን ንታክሲ ከም ዘይኣ'ኽላ፡ ለስላሳ ከምዘየስትያ ፈጣርን መራሕን ህግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ በበይኑ ኣጋጣሚታት ደጋጊሙ ዘረጋገጾ'ዩ።

ደሓር ከኣ ኣብ ሓደንን መሸጣን ዜጋታቱ ዝውዕል፡ ኣብ መሸጣን ክራይን ልኡላዊ ግዝኣት ዝኣተወ፡ ህዝቢ መታን ክሳቐሞ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ስልጣን ከይሓስብ ካይዛረብ ዘድኪ፡ መስመራት ማይን መብራህትን ዝቖርጽ፡ ኣየብኩናት ኣየብሰላም ይነብር ስለ ዘለ'ኹ ኣብ ሰብኣውን ሃገራውን ህንጻት የለ'ኹን ኢሉ ብወግዒ ዝገለጸ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ተገልቢጡ ገዚፍ ገንዘባዊ ወጻኢ ሰሊዐ ዓ'ቕሚ መማህራን ንምዕባይ ስልጠና ይህብ ኣለ'ኹ ኢሉ ክገልጽ እንከሎ ፖለቲካዊ ስድነት'ዩ። ኣብ ህዝቢ ካብ ዘለዎ ንዕቀት ዝነቅል'ዩ። ክብሪ መምህር ብኣፍልጦ ብመደብ መሬት ክዘብጥ ክነዓ'ቕ ስለዚ ከኣ ከም ሞያ ክጽላእ ገይሩ ክንሱ ዓ'ቕሚ መማህራን ዘዕቢ ስልጠና ይህብ ኣለ'ኹ ክብል ስርዓት በጋሚዶ ም'ዃኑ ጥራሕ'ዩ ዘረጋግጽ። ስለዚ ከኣ፡ ብመደብ ዝተቐትለ ክብሪን ዕቤት መማህራን ኤርትራ ብፕሮፖጋንዳ ኣይሓውን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 11-08-2017